# <u>ስለ ሰላም ጉዕዞ፡-</u>

ኣቦ

ኣንቱም ተጋደልቲ ኣካየድቲ ሰውራ

እንታይ ኢኹም ትብሉ ብዛዕባ ኤርትራ

ዕላማ'ዶ ኣለኩም ቅኑዕ መተካእታ

እስከ ኣውጉዑና ሃቡ መተካእታ

ጓል

ይጽንሓልና ደኣ ናይ ፕሮግራም ወግዒ

ቅድም ቀዳድም ነገሁሮ'ቲ ቁልዒ

ብዛዕባ ፕሮግራም ንጽባሕ ንበሎ

እዋኑ ኣይኮነን ግዚኡ ይጽበ'ሎ

ወዲ

ኣይፋልክን ብጸይቲ ጌጋ ኣይትዛረቢ

ዝሓይሽ ንገሪ መተካእታ ሃቢ

ካብ ኩሉ ዝበልጽ ዝጠቅምን ንህዝቢ

እትብልዮ እንተሎ ፕሮግራምኪ ሒዝኪ

ብዘይስኽፍታ ሃየ ተዛረቢ

ጓል

ኣይፋልካን ብጻይ ታህዋኽ ኣይተቐድም

ህግደፍ ንምውዳቕ ሓድ ንኹን ቅድም

ብዛዕባ ፕሮግራም ምዝራብ ንግደፎ

ንሓድነት ህዝብና ሕጂ ነውንዞ

ንህግደፍ ቅድም ሓቢርና ነጽድፎ

ብፕሮግራም ምዝራብ ድሕሪኡ ይሕሸና

መታን ከይንበኣስ ሕጂስ ይኣኽለና

ኣቦ

ቅድሚኺ ደኣ ዛጕለይ

ከይንበኣስ ይጽናሕ ምባልኪ ጽቡቕ'ዩ።

ድሕሪ ቀብሪ ህግደፍ'ኸ ባእሲ'ዶ የለን'ዩ

እቲ ዕላማኹም ዘባእስ እንተኾይኑ

ንየው ደኣ በልዎ ጌና ብእዋኑ

እምበር (ቀደስ) ዓለይ

እንታይ ርኢና ደኣ ክንሕወስ ምሳኹም

ኣፍልጠ ዘይብልና ኣብ'ቲ ዕላማኹም

ኣምሁሩና ደኣ በቲ ዝመስለኩም

ምሕዝነት ፍጠሩ ብዘይወዓል ሕደር

ንህግደፍ ንምውዳቕ ቅልጽምኩም ይጠመር

ብዘይ ሕብእ ምብእ ብዘይ ምድፍፋር

ብስኒት ብሓልዮት ሓድነትኩም ይትረር

ነጻን ግልጽን ኮይንኩም ብዘይ ምሽኻኻዕ

ኩሉ ብዝፈልጦ ኣብ ጎልጎል ኣብ ቃልዕ

ከምኡ እንተኾይኑ'ዩ ዝጠቅም ንውጹዕ

ወዲ

ብዛዕባ ፕሮግራም ናትና ኣለና

በብዝመስለና ንህብ ርእይቶና

ይሓይሽ እንብሎ ንምህር ንህዝብና

ከምቲ ዝበልኩሞ ነጻን ግልጽን ኮይንና

ንካታዕ ኣብ መድረኽ ፕሮግራም ኣልዒልና

ሓቂ ክሰን እቲ ውጹዕ ህዝብና

ከም ዘለዎ እንክሎ እቲ ፍልልይና

ንህያው ጸገማትና እንከይ ዕባበጥና

ብሓባር ንግስግስ በቲ ዘራኽበና

ስኒት ምፍቕቓር ሕውነት ፈጢርና

ስለ ሰላም ጉዕዞ ምሕዝነት መስሪትና

ኣቦ

ግድን'ዩ ክኸውን በበይኑ ርእይቶ

ሓደ ዓይነት ባህሪ ኣይተፈጥረን ከቶ

ሓንቲ ማህጸን'ኳ ብዙሕ ባህሪ ተፍሪ

ገለ ህዱእ ጠባይ ገለ ውዑይ ከም ጓህሪ

ስለዚ 'ዞም ደቀይ

ናይ ሓሳብ ፍልልይ ጸገም የብሉን

ህዝቢ ዝመሃር'ውን ካብ ዝተፈላለየ ርእይቶ'ዩ

ዝተፈላለየ ሓሳብ እንተሃልዩ

ክትመርጽ ት'ኽእል መሚ'ኻ ጠጥዕዩ

እንተ (ቀደስ) ጓለይ እታ ዝበልክያ

እንካብ'ዚ ወጻኢ ባእሲ እንተልያ

ጸገም ከይትፈጥር ንየው ደኣ በሊያ

ኣእምነትካ ሒዝካ ብሓባር ምስጓም

ብነጻ ብግልጺ ዘይኮነ ኣፍል ልጓም

ንሱ'ዩ ዘዐውት እምነት ዘሕድር

ሕንፍሽፍሽ ዘወግድ ሓድነት ዝፈጥር

ብናትካ ዓጊብካ ቀሲንካ ትሓድር

ወዲ

እወ ኣቦ ከም'ቲ ዝበልካዮ

ኣፍ ኣፍ ልጓም ኮይኑ ኩሉ እንተተዓጽዩ

ናጽነት ኣይህሉን ከምኡ'ውን ቅሳነት

ፍጹም ዘይሕሰብ'ዩ ሓቀኛ ሓድነት

ኩሉ ዘዝመስሎ ብግልጺ እንተምሂሩ

ብዘይ ምድፍፋእ ስነ-ስርዓት ገይሩ

ብነጻን ብግልጽን ክዛረብ እንተበቒዑ

ናይ ህዝቢ ውሳነ ቅድሚ ሰሪዑ

ሽዑ'ዩ ዝህሉ ናይ እምነት ነጻነት

ድሌትካ ናይ ምግላጽ ናይ መንፈስ ቅሳነት

ውድባት ምብዛሐን ዘይኮነ ዘጨንቕ

ሕማቕ ከይፍጠር ምግባር'ዩ ጥንቃቐ

ስለዚ ይግለጻ እምነተን ብሰላም

ይውፈራ ይእተዋ ብቕሪ ብጸላም

ከምዚ እንተኾይኑ የለን ምጥልላም

ይጠረ እቲ ብቕዓት ምውህሃድ ይስፈን

ርእይቶና ንሃብ ህዝብና ይወስን

ከምኡ'ዩ መስርሕ መትከል ሰፊሕ ግንባር

ኣይንስሓት መንገዲ ንተግባራውነቱ ንጽዓር

ኅል

ፕሮግራምና'ኮ ልዕሊ ህዝቢ ኣይኮነን

ሕጂ ዘድልየና ንህዝብና ምድሓን

ስለዚ ድማ ኢና ፕሮግራም ይደስክል ዝበልና

ህዝብና ንምድሓን ደው ይበል ይጽነሓልና

ወዲ

ፕሮግራምና'ዩ ዓንዲ ማእከል ቃልሲ

ንሱ'ዩ መራሒ ኣላዪ ቀላሲ

ንሱ እንተዘየለ ኣይርከብን ፈውሲ

ሰማይን መሬት ከተላግብ ምፍታን

ዘይከውን ነገር'ዩ ኣብ ዘየለ ግዕራን

መድረኽ ዝፈጠሮ ምብዛሕ ውድባትና

ዘደስክሎ ኣይኮነን ንቕኑዕ መስመርና

ነቲ ቅኑዕ መትከል ስሙር ግንባር ሒዝና

ብግዝያዊ ቻርተር ስምምዕ ከቲምና

ናይ ምትሕልላይ ስልቲ ተኸቲልና

ተደጋጊፍና ሓድነትና ኣትሪርና

ዘይከኣል ኣይኮነን ምምራሽ ሓቢርና

ሎሚ እንተወደቐ ፕሮግራም ውድባት

ጽባሕ'ከ የለን ድዩ ኣልዒልካ ምህውታት

ስለዚ ጌጋ'ዩ ፕሮግራም ምጽያፍ

ተመክሮ ምድጋም ናይ ታሪኽ ዕንክሊል

ኣቦ

ብሓሳብ ብግብሪ ሓደ ንዝኾና

ኣብ መሰል ዜጋታት ብማዕረ ዝኣምና

ሓደ ዓይነት መስመር ሕጊ ዝኽተላ

ብኣቃውማኣን ማራ ዝማሰላ

ሓደ እንተዝኾና ክንደይ ኮን ምሓሸ

ተስፋ ምረኸበ ኣርሒቑ ዝገሸ

ዝናሩ ክዓጥቕ ዓዲ ምተመልሰ

ኣብ'ዚ እንተነተኩር ርሑቕ እንከይከድና

ኣብ ቅድሚና ዘሎ ቀዳማይ ዕማምና

መሳለጥና ነርና ብሰላም ጉዕዞና

ወዲ

ስለ ሰላም ጉዕዞ ዘይከውን ኣይንግበር

ብዙሕነት ንቀበል ንምጉልባቱ ንጽዓር

ምትእምማን ኣይንዝረግ ንየው ነጀው ኣይንበል

መዓስ ተኻይዱ መትከል ሰፊሕ ግንባር

ስለ ሰላም ጉዕዞ ቅኑዕ መስመር ኣሎ

ንመትከል ሰፊሕ ግንባር ኩልና ንዳሎ

ንሱ'ዩ ዝጠቅም ዘዐውት ንቃልሲ

ብቕዓት ዝፈጠር መራሒ ቀላሲ

ስለ ሰላም ጉዕዞ

ኣውዓሎም ዘርኡ

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 11-07-2018